

# ደቀአንስትዮ
# ካብ ምኽንሻብ
## ትከላኸልለንዶ / ትከላኸለለንዶ?



## ምኽንሻብ ደቀአንስትዮ ግዳማዊ አካል መፍረ እንታይ እዩ?

ምኽንሻብ ደቀአንስትዮ ግዳማዊ አካል መፍረ ክንብል ከለና ኩሉ ንፍወሳ ወይ ንጥዕና ተባሂሉ ዘይኮነ ዝግበር መስርሕ እዩ። ምኽንሻብ ማለት ንግዳማዊ አካል መፍረ ዓልአንስተይቲ ብኽፊል ወይ ድማ ብምሉኡ ምቁራጽ ወይ ድማ ብኻልእ አገባብ ምጉዳእ እዩ። ምኽንሻብ ደቀአንስትዮ ናይ ጥንቲ ባህሊ ኮይኑ ዝኾነ ሃይማኖት ዘይእዝዞ እዩ።

## እንታይ ዓይነት ናይ ጥዕና ሳዕቤናት የኽትል?

ኩሉ ዓይነት ምኽንሻብ ደቀአንስትዮ ግዳማዊ አካል መፍረ ንጥዕና አዝዩ ጎዳኢ እዩ። ድሕሪ ምኽንሻብ ስዒቡ ዝመጽእ ናይ ጥዕና ጸገማት ከም ጠጠዉ ዘይብል መድመይቲ ፡ ረኽሲታት ወይ ከአ ከሳብ ሞት ከኸትል የኽእል። ንነዊሕ እዋን ዝቕጽል ናይ ጥዕና ጸገማት ከም ወርሓዊ ጽግያት ቃንዛታት፡ ናይ ምሻን ጸገማትን ረኽስታትን የስዕብ ። ናይ ዝተኽንሸበት ዓለንስተይቲ ሕርሳ አጸጋምን ናይ ምቕዳድ ተኽእሎን አለዎ።

# ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ ግዳማዊ ኣካል መፍረ ኣብ ፊንላንድ ብሕጊ ዝተኸልከለ እዩ

ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ ግዳማዊ ኣካል መፍረ ኣብ ልዕሊ ደቀኣንስትዮ ዝፍጸም ዓመጽን ከቢድ ሰብኣዊ መሰል ምግሃስ እዮ። ዝኾነ ዓይነት ምኽንሻብ ብሕጊ ፊንላንድ ኩልኩል እዮ።

ኣብ ፊንላንድ ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ ስጋብ 10 ዓመት ከእስር የኽእል እዩ። ከምኡዉን ኣብ ፊንላድ እትነብር ጓልኣንስተይቲ ንምኽንሻብ ናብ ካልእ ሃገር ምዉሳድ የቅጽዕ እዩ ፡ ብዘየገድስ ኣብቲ ትኽድዎ ሃገር ዝፍቀድ ይኹን ኣይኹን። ብዘይካ ምኽንሻብ ከምኡዉን ነዚ ሕጊ ምጥሓስን ወይከአ ምትሕግጋዝን ኩልኩል እዩ። ወላዲ ወይ ሕጋዊ ሞግዚ ንደቆም ካብ ምኽንሻብ ክካላኸልሎም ሐላፍነት ኣለዋም።

ካብ ፊንላንድ ቅድሚ ምጋሽኩም ንተወሳኺ ሐበሬታ ምስ እትደልዮ ንማሕበር ሰብኣዊ መሰላት በዘን ዝስዕባ ቋንቋታት ተወከሱ። ፊንላንድ፡ እንግሊዘኛ፡ ኣምሓርኛ

ሰሎሜ ተሾመ
solomie.teshome@ihmisoikeusliitto.fi, 044 742 0411

ihmisoikeusliitto
FÖRBUNDET FÖR MÄNSKLIGA RÄTTIGHETER

TUETTU VEIKKAUKSEN TUOTOILLA

OIKEUSMINISTERIÖ JUSTITIEMINISTERIET

Sisäministeriö
Inrikesministeriet

SOSIAALI- JA TERVEYSMINISTERIÖ

TERVEYDEN JA
HYVINVOINNIN LAITOS

Ulkoministeriö
Utrikesministeriet